## ሓበሬታ ብዛዕባ ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ናይ ምምሃር ግዴታ፣

### ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ናይ ምምሃር ግዴታ፣

ምእንቲ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ወይ ዜግነት ክወሃበካ ድማ፡ ገለ ካብቲ ከተማልኦ ዘሎካ ግዴታታት፣ ናይ 300 ሰዓታት ትምህርቲ ናይ፡- ማለት፣

- ኖርወጅኛ (250 ሰዓታት)፡ ከምኡ'ውን፣
- ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን (50 ሰዓታት)፣

ናይ መምሃሪ ወጻኢታት ባዕልኻ ክትከፍሎ ኣሎካ።

ካብዚ ግዴታ'ዚ ነጻ ንኽትከውን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡ እንተ ድኣ፡-

- ንስኻ ብኖርወጅኛ ወይ ሳሚኛ (Samisk) ዘለካ ፍልጠት እኹል ምዃኑ ዘረጋግጽ ሰነድ ከተቕርብ ክኢልካ፣ ወይ'ውን፣
- ፍሉያት ናይ ጥዕና ወይ ካልኦት ብኽቢድ ዝምዘኑ ምኽንያታት ከም ዘለካ ተረጋጊጹ፤

### ተግባራዊ/ ጠቓሚ ሓበሬታት፣

ንትምህርቲ፡ ወይ ከኣ ካብ ትምህርቲ ነጻ ንምዃን ከተመልክት ምስ እትደሊ፡ ኣብቲ ዝተመዝገብካሉ ህዝባዊ ምምሕዳር ዝርከብ ናይ ልዕሊ-ዕድመ ትምህርቲ (Voksenopplæring) ክትውከስ ኣሎካ። ሕቶ ምስ ዝህልወካ ወይ ከኣ ንናይ ግዜ ገደብን ጉዳይ መሰላትን ዝምልከት ሓበሬታ ምስ እትደሊ ድማ፡ ነቲ ናይ ልዕሊ-ዕድመ ቤት ትምህርቲ ክትውከስ ትኽእል።

ባዕልኻ'ውን ኣብ www.imdi.no ወይ ከኣ www.udi.no ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።